## ጠቓምቲ ምኽርታት

- ካብ 4 ክሳብ 7 ዓመት ምንባብ ንምምሃር ወሳኒ ግዜ እዩ።
- ኣብ መዓልቲ ን20 ደቓይቕ ምስ ውላድኩም ኣንብቡ። በብተራ ኣንብቡ፣ ኣዳምጹን ተመያየጡን።
- ውሉድኩም ኣስማት ፊደላት ንኽመሃር ምእንቲ ትሕግዝዎ ነቲ ናይ ፊደላት መዝሙር ዘምሩ።
- ኣብ ሽም ውሉድኩም ዘለዉ ፊደላት ብምጥቃስ ፊደላት ምጽዋዕ ተለማመዱ።
- መጻሕፍቲ ፊደላት ኣንብቡ።
- ኣብ ሓደ መጽሓፍ ኣብ ሓደ ገጽ ንዘሎ ፊደል ድለዩ።
- መሊስኩም ኽትጽህፍዎ ኽለኹም ኣብ ፊደል ዘለዉ ቅርጺታት ግለጹ።
- ብሑቕ፣ ቱቦ መጽረዪታት፣ ሑጻ ወዘተ ተጠቒምኩም ፊደላት ጽሓፉ።
- ነቲ ኣብ መጀመርታ ሓንቲ ቓል (ንኣብነት /b/ ከም ኣብ ባስ/ bus) ወይ ኣብ መወዳእታ እታ ቓል (ንኣብነት /t/ ከም ኣብ ማት/ mat) እትሰምዖ ድምጺ ተጠቒምኩም ንድምጺታት ምስ ፊደላት ኣራኽቡ።


### ንናይ ውላድኩም መምህር እትሓትዎ ሕቶታት፦

- ናይ ውላደይ ጥንካረታት እንታይ እዮም?
- ውላደይ ኣብ ገዛ እንታይ ዓይነት ክእለታት ክለማመድ ኣለዎ?
- ንውላደይ ኣብ ክፍሊ ብኸመይ ኢኹም ትሕግዝዎ ዘለኹም?
- ብዛዕባ ናይ ውላደይ ምዕባለ ንምዝርራብ መዓዝ ክንራኸብ ንኽእል?

## ብዛዕባ እቲ ACSB

ACSB ምስ ክፍሊ ትምህርትን ምዕባለ ቅድመ መዋእለ ህጻናትን ከምኡ'ውን ምስ ተመሃሮ፣ ስድራቤታትን ማሕበረሰብን ብምትሕብባር ፍትሓዊ፣ ባህላዊ ምላሽ ዝህብ፣ ከምኡ'ውን ንኹሎም ተመሃሮ ውሑስ ናይ ትምህርቲ ባይታ ዘለዎ ናይ Nova Scotia ስርዓተ ትምህርቲ ንምትካል እዩ።

**African Nova Scotian Education Framework**መትከላት ነቲ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ስርዓታዊ መሰናኽላት ንምፍታሕ ዘድልዩ መሰረታዊ ኣርእስትታት የቕርቡ፣ ANS/ ጸለምቲ ተመሃሮ ክስማዑ፣ ክርኣዩ፣ ክተባብዑን ክድገፉን ብምፍቃድ ተስፋኦምን ክእለቶምን ክበጽሑ ይኽእሉ።




**ንዝበለፀ ሓበሬታ፣ ርኸቡ፦**

**ጨንፈር ኣገልግሎት ኣፍሪካ ካናዳ ክፍሊ**
**ትምህርት ኖቫ ስኮትያን**
**ቅድመ ምዕባለ ህፃናትን**
4ይ ደረጃ Brunswick Place
2021 Brunswick Street / PO Box 578
Halifax, Nova Scotia B3J 2S9
(902) 424-3151
acsb@novascotia.ca



# ምሕያል ንወለድን ስድራቤታትን

## ፍልጠት ፊደላት



NOVA SCOTIA

## ክቡራት ወለድን ስድራቤታትን፣

እንኳዕ ናብ ሓባራዊ ትምህርቲ ብደሓን መጻእኹም! ከም ናይ ውላድኩም ናይ መጀመርታ መምህርን ደጋፊን፣ ኣብ ናይ ውላድኩም ትምህርቲ ዘለኩም ወሳኒ ግደ ንፈልጥ ኢና።
በዚ ምኽንያት፣ ምሕጋዝ ወለድን ስድራቤታትን ካብቶም ሓሙሽተ ዓምድታት African Nova Scotian Education Framework እዩ።

ተግባራትና ብዓላማ እዮም። ንዓኹምን ንውላድኩምን ናይ ሓገዝ ስርዓት፣ ከም ኣገደስቲ ውሳነ ወሰንቲ፣ ብዛዕባ መደባትን ሓገዛትን ውላድኩም ንምትብባዕ፣ ኣጋጣሚታት ንምፍጣር ንጽዕር። እዚ ኣብ መንጎ ገዛ፣ ቤት ትምህርትን ማሕበረሰብን ዘሎ ሓቀኛን ናይ ምትሕብባር ሽርክና ብምፍጣር እዩ ዝፍጸም፣ እዚ ድማ ንህይወትን ኣሳልጦን ውላድኩም ዝድግፍን ዘደልድልን እዩ። እዚ ዓላማ ንምስኻዕ ድማ ሓበሬታ፣ መሳርሒታትን ስልጠናታትን ነቕርብ።

ነዛ ብሮሸር ብምጥቃም ብዛዕባ ናይ ክፍሊ ደረጃ ናይ ምንባብ መለክዒታትን ኣብ ገዛ ምስ ውላድኩም ከተንብቡ ከለኹም እንታይ ዓይነት ናይ ምንባብ ባህሪ ክትጥቀሙ ከምዘለኩም ንምፍላጥ ክትጥቀሙ ትኽእሉ። ነቶም ፓነላት ብቐሊሉ ንምፍላይ ዘኽእለኩም ነኟላት ዘለዎ ወሰን ተወሲኹ ኣሎ። ነቶም ጠቓምቲ ምኽርታት ኣብ ርኡይ ቦታ፣ ከም ኣብ ፍሪጅ፣ ንምንባብን ንምዝንጋዕን ከም መዘኻኸሪ ክተቐምጡ ትኽእሉ ኢኹም!

ናትኩም ኣብ ትምህርቲ፣

**ጨንፈር ኣገልግሎት ኣፍሪካ ካናዳ (ACSB)**

**“ሳንኮፋ”** ካብ ናይ ኣኪን ትዊንን ፋንቴን ቋንቋታት ጋና ዝተወሰደ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "ምምላስ" ማለት እዩ።
እቲ ሓሳብ ድማ ብሳንኮፋ ዒፍ ዝተወከለ እዩ፣ ምስ ኣእጋሩ ንቕድሚት ገጹ እናጠመተ ርእሱ ድማ ነቲ ኣብ ሕቑኡ ዘሎ እንቋቑሖ ንምምላስ።
እቲ ምልክት ኣብ ናይ ACSB ሰነዳት ከም መዘኻኸሪ ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ "ህልውናና ንምርዳእን መጻኢና ንምርግጋጽን፣ ሕሉፍ ታሪኽና ክንፈልጥ ኣለና።"


SANKOFA

## ፍልጠት ፊደላት እንታይ እዩ?

ፍልጠት ፊደላት ንነፍሲ ወከፍ ሽማት ፊደላት፣ ቅርጽታትን፣ ድምጽታትን ምርዳእ የመልክት። ፊደላትን ድምጽታትን ምፍላጥ ንባብ ንምምሃር ኣገዳሲ እዩ ከምኡውን ኣብ መጻኢ ንኣሽቱ ቈልዑ ናይ ንባብ ኣሳልጦ ኽም ዝህልዎም ድማ ዝሕብር እዩ።

ተመሃሮ ብዛዕባ ፊደላት ክመሃሩ ምስ ጀመሩ፣ "ቅድሚ ምጽሓፍ ቅርጺታት" ብምስራሕ ነቲ ኣብ ፊደላት ዝርከቡ ቅርጽታት ይፈልጥዎም።

**ቅድመ-ምጽሓፍ ቅርጽታት**



### ፍልጠት ፊደላት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦

- ሽማት ፊደል (ንኣብነት፣ እዚ ፊደል A እዩ።)
- ቅርጺታት ፊደል (ንኣብነት ፊደል B ሓደ መስመር ናብ ታሕቲ፣ ሓደ ጥውይዋይ ኣብ ላዕሊ ሓደ ጥውይዋይ ኣብ ታሕቲ ኣለዎ።)
- ድምጽታት ፊደል (ንኣብነት፣ ፊደል C ነቲ /c/ ዝብል ኣብ cat/ድሙ ዘሎ ድምጺ ይውክል።)
- ዓብዪ ፊደላትን (capital) ንእሽቶይ ፊደላትን (small) ምልላይ
- ንፊደላት ብትኽክል ብመስርዕ ምቕማጥ
- ቅኑዕ አቐማምጣ ተጠቒምካ ንፊደላት ምሕታም
- ብዛዕባ ፊደላትን ድምጽታትን ምምሃር ናብ ንባብ ምምሓር ከም ዝመርሕ ምርዳእ ምህናጽ

## ኣብ መወዳእታ ዓመት ፍልጠት ፊደላት ካብ መባእታዊ ክሳብ 1ይ ክፍሊ

### መባእታዊ

**ፍልጠት ፊደላት፦**

- ኣብ ዝርዝር ፊደላት ዝርከቡ ፊደላት ምልላይን ምጽዋዕን
- ዓበይትን ንእሽቶን ፊደላትን ምዝማድ
- ኣብ መንጎ ብዓይኒ ከረዓያ ዝመሳሰላ ፊደላት ዘሎ ፍልልያት ምፍላጥ (ንኣብነት b/d ከምኡውን f/t)
- ፊደላት ብቕደም ተከተል ምግባር
- ቅኑዕ አቐማምጣ ተጠቒምካ ፊደላት ምሕታም

### 1 ክፍሊ

**ፍልጠት ፊደላት፦**

- ፊደላት ናብ ኣድማጽን ተደማጺን ከም ዝኸፋፈላ ምፍላጥ
- ኣብ መንጎ ኣብ ቃላት ዝርከባ ፊደላትን ድምጽታትን ምትእስሳር ምፍጣር
- ቃላት ንምንባብ ፊደላትን ድምጽታትን ምጥቃም
- ንኹለን ዓበይትን ንእሽቶን ፊደላት ትኽክለኛ ቅርጺ ተጠቒምካ ምሕታም

ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ምንባብ ደረጃታት ብዛዕባ ናይ ምንባብ ባህርያት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ናይ EECD መርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ስርዓት ትምህርቲ ርኸቡ፦ https://curriculum.novascotia.ca።

**ኣብዚ ተኺታታሊ እዚ ዘለዉ ካልኦት ብሮሸራት ኣብዚ ናይ ሕትመት ክፍሊ ናይ ACSB መርበብ ሓበሬታ ኣብ፦ www.ednet.ns.ca/acs/home ክርከብ ይኽእል።**